HM Government

Grenfell community updates

# Grenfell Tower community update: March 2026 - Tigrinya / ትግርኛ

**ናይ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ናይ ማሕበረሰብ ሓበሬታ፡- መጋቢት 2026**

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቝ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን እታ መሬት ንስድራቤታት ቅዱስ ምዃናን ንፈልጥ ኢና።

ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ እንሰርሖ ስራሕ ክንሕብረኩም ንደሊ። ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝስዕቡ ዚያዳ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም፡-

- **ናይቲ ቦታ ውሕስነት**
- **ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት**
- **ናይ ግምቢ መብራህቲ**
- **ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቦራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን**
- **ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ድጋፍ**
- **ከመይ ጌርካ ምሳና ከም እትዘራረብን ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብን**

ሓደሽቲ ሓበሬታ ኣብዚ ምርኣይ ይከኣል: www.gov.uk/grenfell-community-updates

## ናይ ቦታ ውሕስነት

ኣብ ምዕራብ ለንደን (West London) ኣብ ዝርከብ ካልእ ናይ ህንጻ ሳይት ኣብዚ ወርሒ እዚ ናይ መሳልል ክሬን ድሕሪ ምውዳቑ፡ ገሊኦም ነበርቲ ብዛዕባ ኣብ ግረንፌል ታወር (Grenfell Tower) ዘሎ ክሬን ደሕንነት ከም ዝሓተቱ ንፈልጥ ኢና። ድሕንነት ነበርትን ኣብቲ ቦታ ዝሰርሑ ሰባትን ዝለዓለ ቀዳምነትና እዩ፣ እዚ ድማ ብሕጊ ክትትል ዝግበሮ እዩ። ኣብቲ ቦታ ዘሎ ኩሉ ናይ ስራሕ መሳርሒታት ብስሩዕ ይምርመር እዩ፣ ከምኡ'ውን መዓልታዊ ናይ ድሕንነት ፍተሻታት ይካየድ እዩ። ብኽብረትኩም በዚ ኢሜል ግበሩልና፡- GrenfellTowerSite@communities.gov.uk ዝኾነ ይኹን ስክፍታ እንተሃልዩኩም ወይ ድማ ምስቲ ናይቲ ቦታ ጉጅለ ወይ ምስቲ ቀንዲ ተቋራጺ ዲኮንስትራክት ዩኬ (Deconstruct UK) ክትዘራረቡ እንተደሊኹም።

## ናይ ግረንፌል ልቢ ባነራት

እቶም ንባነራት ዘብርሁ መብራህትታት ኣብ መወዳእታ እዚ ወርሒ እዚ ናብ ላዕሊ ገጾም ንከብርሁ በታኦም ክቕየር እዩ። እቶም ባነራት ኣብ ሰነ ንዝካየድ መበል ትሽዓተ ዓመት ዝኽሪ ኣብ በትኦም ክጸንሑ እዮም፤ ድሕሪኡ ድማ ምስቶም ካልኦት ዝሓለፉ ባነራት ተሓዊሶም ኣብቲ ቦታ ብጥንቃቐ ተዓቂቦም ክቕመጡ እዮም።

## ናይ ግምቢ መብራህቲ

እቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ኣብ ዝወረደሉ እዋን ዝርአ መዘኻኸሪ ክህሉ
ኣገዳሲ ምኺኑ ሰሚዕና ኣለና። እቶም ናይ ብርሃን ጨረራት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩርናዕ ናይቲ ህንጻ ኩሉግዘ ካብ ምሸት ጀሚሮም ክሳብ ሰዓት 11:00 ምሸት ናብ ላዕሊ ገጾም ምብራህ ክቕጽሉ እዮም። ኣብ ልዕሊ ባነራት ልቢ ግረንፈል (Grenfell) ዝበርህ መብራህቲ ጵልግልግ ምስበለ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት 11 ምሸት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ለይቲ ይበርህ እዩ።

## ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣበራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን

መንግስቲ ኣብ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኩሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ክፍፀም ቃል ኣትዩ ኣሎ። ጥዕናን ድሕነትን ሕብረተሰብን ኣብቲ ቦታ ዝሰርሑ ሰባትን ቀዳምነትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብቲ ቦታ ብዛዕባ ኣበራ፡ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን ቀጥታዊ መረዳእታ ዝእክቡ ሞኒተራት ኣለዉ። እቲ ዳታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ይሕተም። እዋናዊ ጸብጻባት ንምርኣይ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክታት ጠውቑ፡-

ጸብጻብ ምክትታል ኣበራ፡ 2 ለካቲት ክሳብ 1 መጋቢት 2026
ናይ ንዝረት መቆጻጸሪ ጸብጻብ: 2 ለካቲት ክሳብ 1 መጋቢት 2026
ናይ ድምጺ ብኽለት መቆጻጸሪ ጸብጻብ: ካብ 2 ለካቲት ክሳብ 1 መጋቢት 2026

ኤጀንሲ ድሕነት ጥዕና ዓባይ ብሪጣንያ (UK Health Security Agency፣ UKHSA) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኣብ ከባቢ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኣብ ዝርከብ ከባቢ ጽሬት ኣየር ምግምጋምን ምክትታልን ክቕጽል እዩ። ጸብጻባቱ ወርሓዊ ይዝርግሕ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ክተንቡ ትኽእሉ ኢኹም፡-
ድሕሪ ባርዕ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ስዒቡ ዝግበር ናይ ከባቢ ምክትታል - GOV.UK

## ናይ ጥዕናን ድሕነትን ደገፍ

ስምዒታውን ኣካላውን ናይ ድሕነትን ደገፍ ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፡ ብህይወት ንዝተረፉን ነበርቲ ናይቲ ቀረባ ማሕበረሰብን ኣብ ምሉእ እቲ ስራሕ ብጥንቃቐ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ንምውራድ ይቕጽል ኣሎ። ምስ ዝኾነ ሰብ ኽትዘራረብ እንተ ደሊኻ፡-

- ናብ ኣገልግሎት ድሕንነት ግረንፈል (Grenfell Wellbeing Service) ብ 020 8637 6279 ደውሉ። (ካብ ሰዓት 8 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 8 ምሸት፣ በብመዓልቱ)
- ኣብ ህጹጽ እዋን ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብ ለንደንን NHS ፋውንዴሽን (Central and North West London NHS Foundation Trust፣ CNWL) ንጽል ነጥቢ ምብጻሕ መስመር ምኽሪ ደውሉ፣ ብስልኪ ቁጽሪ:
  0800 0234 650 (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፣ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት ክፉት እዩ)።
- ኢመይል: grenfell.wellbeingservice@nhs.net
- ንዚያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተወከሱ: www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk

ብዛዕባ ዝርከቡ ኣገልግሎታት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፡ www.grenfell.nhs.uk

## ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብ

ሓበሬታ ንዓኹም ሓጋዚ ብዝኾነ መንገዲ ክነካፍል ንደሊ። ብቐጻሊ ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ምክፋል ክንቅጽል ኢና፡- www.gov.uk/grenfell-community-updates

ብኽብረትኩም በዚ ኢሜል ግበሩልና፡- GrenfellTowerSite@communities.gov.uk ናብ:

- ምስቲ ናይቲ ቦታ ጉጅለ ወይ ምስቲ ቀንዲ ተቋራጺ ግረንፌል ታወር (Grenfell Tower) ዝኾነ ዲሲዩኬ (DCUK) ንምዝርራብ፡ ንዓኻትኩም ብዝጥዕመኩምን ምቹው ብዝኾነልኩምን ግዜ፡ ዕለትን ቦታን ቆጸራ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
- ብዛዕባ  ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝስራሕ ስራሕ ዝኾነ ሕቶታት እንተልይኩም ሕተቱና ወይ ስክፍታታትኩም ኣካፍሉና።
- ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል ንክንሰደልኩም ሕተቱና።
- እንተደሊኹም፣ ምሳኻትኩም ብኸመይ ከምእንረዳዳእን ከምእንዋሳእን ብዝምልከት ሓሳብኩም ኣካፍሉ። ርእይቶኹም ብሓጎስ ንቕበሎ።

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፡ ከምኡ'ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብዚ ዝስዕብ ኪዱ፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates ወይ ድማ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ።